ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ባዓል ዓድዋ ብዝደመቐ መንገዲ ንምብዓል ንምትእኽኻብ ስለዝደለየ፤ ኣብዚ ዓውዲ ትነጥፉ ፕሮሞተራት ኣወዳዲሩ

- ዝወፀሉ መዓልቲ: ሓሙስ ጥሪ 16, 2016 (ልዕሊ 2 ዓመታት)
- ዝዕፀወሉ መዓልቲ: ጥሪ 21, 2016 11:30 ቅ/ሰዓት (ተዓፀዩ)
- ናይ ጨረታ መድሓዚ ዋጋ:50000
- ቦታ:መቐለ
- ናይ ደኩመንት ዋጋ:
- ጨረታ ዝክፈተሉ መዓልቲን ሰዓትን: ጥሪ 21, 2016 6:00 ቅ/ሰዓት
- መደብ: ማርኬትንግን ፕሮሞሽን ግልጋሎት/

ም ል ክ ታ

ቢሮ ባህልን ቱሪዝምን ትግራይ ባዓል ዓድዋ ብዝደመቐ መንገዲ ንምብዓል ንምትእኽኻብ ስለዝደለየ፤ ኣብዚ ዓውዲ ትነጥፉ ፕሮሞተራት ኣወዳዲሩ ከስርሕ ካብ ስፖንሰራት ሃፍቲ ስለዝደለይ ሕጋዊ ፍቓድ ዘለኩምን ክትሕግዙ እትደልዩን ትካላት ወይ ውልቀ ሰባት ብመሰረት እዞም ዝስዕቡ ዝርዝር ረቐሓታት ሰነድኩም ክሳብ 16-20/5/2016 ዓ/ም ብምቕራብ ክትወዳደሩ ይዕድም ።

1. ናይ 2016ዓ/ም ዝተሓደሰ ንግዲ ፍቓድ ዘቕርብ።

2. ኣብ ምስንዳእ ፕሮጀክት ብቕዓት ዘለዎ።

3. ብስፖንሰር ሃፍቲ ናይ ምትእልላሽ ስራሕ ልምዲ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል።

4. ብስራሕቲ ፕሮሞሽንን ምድላው ኩነትን ስራሕ ልምዲ ዘለዎን መረጋገፂ ብቕዓት ከቕርብ ዝኽእልን።

5. ዘቕርቦ ፕሮፖዛል ፋይናንሻልን ቴክኒካውን ሓበሬታ ብዝርዝር ከቕርብ ዝኽእል።

6. ኣብ ሕሉፍ እዋናት ዘቕረቦ ፕሮጀክትን ዕውትነት እቲ ፕሮጀክት ዘመላኽት መረዳእታ ዘቕርብ።

7. ተወዳዳራይ ፕሮሞተር 50,000 ስፒኦ ክትሕዝ ዝኽእል ።

8. ብስፖንሰር ካብ ዝተእከብ ሓፈሻዊ ገንዘብ 25/ ንፕሮሞተር 75 / ንመንግስቲ ክውዕል ዝስማዕማዕ ።

9. ዝረኽቦ እቶት ካብቲ ንመሳለጢ ስራሕ ወይ ትሕቲ ክልተ ሚልዮን እንተኾይኑ ኮምሽን ዘይወስድ።

10. ዝኣተዎ ቓል ብተግባር ከም ዝፍፅም መተኣማመኒ ከቕርብ ዝኽእል

11. ሰዓራይ ፕሮሞተር ወይ መዳለዊ ኩነት ኣብ ውሽጢ 2' መዓልቲ ውዕሊ ክኣስር ዝኽእል።

12. ውዕሊ ካብዝኣሰረሉ ዕለት ጂሚሩ ውፅኢት ስርሑ ብቢ 5 መዓልቲ ሪፖርት ከቕርብ ዝኽእል።

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle

13. ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 20 መዓልቲ ዝተረኽበ እቶት ናብ ናይ ቢሮ ኣካውንት ከእቲ ዝኽእል።

14. ኣብ ስራሕቲ ማሕበረሰብ ተኮር፤ከምኡ'ውን ባህልን ቱሪዝምን እኹል ግንዛበ ዘለዎን መረጋገፂ ዝኽውን ጭቡጥ መረዳእታ ከቕርብ ዝኽእል።

15 ከይዲ ምትእልላሽ ሃፍቲ/ስፖንሰር/ ዘመላኽት ኣገባብ ኣፈፃፅማ ብዝርዝር ከቕርብ ዝኽእል

16. ካብ ምትእልላሽ ሃፍቲ ዝተረኽበ እቶት ይግበኣኒ እዩ ዝብሎን ማሕበራዊ ሓላፍነቱ ንምውፃእ ዘወፍዮን መጠን ብምኢታዊ /%/ ዝገልፅ።

17. ምስ ማሕበረሰብን ትካላትን ዘለዎ ስጡም ምትእስሳር ዝሕብር መረዳእታ ዘቕርብ።

18. ካልእ ካብዚ ዝቐረበ ዝርዝር ረቐሓ ተወሰኽቲ ብልጫታት ዘቕረብ

19. ውዕሊ ካብ ዝኣሰረሉ ዕለት ጀሚሩ ኣብ ውሽጢ 20 መዓልቲ ዝረኽቦ እቶት ናብ ናይ ቢሮና ኣካውንት ከእቲ ዝኽእል።

ል. ቢ

በቲ ዝኣተዎ ውዕሊ መሰረት ስርሑ ብኣግባቡ ዘይፈፀመ ብመስርሕ ክልልና ተሓታቲ ይኽውን ::

© መሰሉ ብህጊ ዝተሓለወ እዩ። 2013 - 2026 Made with love in Mekelle